ይበል መሪሕነት ይበል ብቕዓት
ብዘይ ምንም ዕረፍቲ ንደቒቓ ስዓት
ብተግባር ዝርኣኻ ናይ ዓድኻ ልምዓት
ኣንታ ሓበን ሕዝቢ ናይ ኣፍሪቃ ኹርዓት።

መለስ ጽላል ዳዕሮ ብዙሕ እዩ ትጽቢትና
አረ ቑሩብ ቀኒ ኽን ጸግብ ፍቕርና
ኣንታ ዘይት ሙኖ ኽም ሽዊት ገደና
ዋላ እካ ብ ስጋ እንተተፋላሌና
ለይቲ ይኹን ቀትሪ ኣብ ዘለና አሊና
ካብ ዓይነና አይትፍለን ኹሉ ሻዕ ምሳና።

ብዘይ ምንም ጦርነት ብዘይ ተኹሲ
ናይ አባይ መሃንዲስ ቀያሲ
ናይ አኽሱም  ሓወልቲ ናብ ቦትኡ መላሲ
ናይ ዓለም ሽማግለ ን ሰላም ገስጋሲ
ናይ ሰላም መኣዲ ንህዝቢ መውረሲ
ኩሉ ዝከኣሎ በሊሕ ርእሲ።

ዓሪፈ ኣይፈልጥን ክዕርፍ እንዳ በልካ
ናይ ዕርፍቲ ትርጉሙ ከይ አስትማቕርካ
ናይ ጻማኻ ፈረ እንተይተኸፈልካ
ናብ ስውኣት ብጾትካ ኸት ከድ ካብ ወሰንካ
ትዝጀመርካዮ ናይ ልምዓት ዕማምካ
ቱ መንእሰይ ወለዶ ተኸቲሉ ኣሰርካ
ክምልኦ እዩ ስኽፍ ኣይበልካ።

ኣርሒቑ ሓሳባይ አቦ ዓቕሊ
ንዝተጋገየ መኻሪ
ንዝጥፍአ መሓሪ
ንዘይ ፈልጥ መምሃሪ
ምሓውር ድኽነት ሰባሪ
ኣንታ ጎይታ ሰላም ጎይታ ፍቕሪ
ህያው እዩ ታሪኽካ ዘልኣለም ነባሪ።

ሰሪሕኻ ዘይት ጸግብ ዘይ ዓግብ ወኔኻ
እቱ ትፈትዎ ህዝቢ ገዲፍካ ድሕሬኻ
እንታይ ድኣ ተርኽበ ሎሚስ ትጋጊኻ
ገዲፍካና ኽይድካ አባይ ከይወዳእኻ
ከቢድ እዩ ምንባር ዘይብሉ ንስኻ
ቁሪ ቁሪ ኢሉና ንዓ ንዶ በጃኻ።

ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ካብ ተፈለየና
አስላማይ ክስታናይ ብሓደ ኹላትና
ዋይ ዋይ ብኽያት ሓዘን ናብ ጎኒ ገዲፍና
ብሓቦ ብትብዓት ንለዓል ሓሪንና
**ኣባይ** ንኽን ግድብ ዝጀመሮ ሓውና
ህያው ክኾን ታሪኹ ክነብር ምሳና።

የውሃንስ አሉላ ጋሻ ተቐበሉ
ናይ ወለዱ ጅግንነት አሰር ትኽቲሉ
አርዑት ጭቆና ሰቢሩ ብሓይሉ
ናይ ዲሞክራሲ መሰል ኣብ ሃገር አዕሲሉ
ይመጸኩም ኣሎ ብስራት ሓዚሉ።

ቑርጺ እንድሕር ኮነ ካብ ሓጸረ ዕድሜኻ
አብርሃምን ይስሃቅን ይኹኑ ኣብ ጎንኻ
ሰተ ሰምሃል ገነት ትኹን ታናብራኻ።

ኣዲስ ኣለም በላይ ካብ ለንደን